Dr Nassau College
ISK - De schakel tot succes!

# ናይ ሓበሬታ መጽሓፍ ንተማሃሮ



ኣሰን [Assen]፣ 08-2022

# ትሕዝቶ


መሰጋገሪ ናብ ዓወት! .......... 2

መወከሲ ሓበሬታታት .......... 3

ጉጅለ .......... 3

ዕረፍቲን ነጻ መዓልታትን .......... 3

ጸብጻብ .......... 3

ምርሒት .......... 3

ከብሒ ተማሃራይ .......... 4

ተክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን [ICT] .......... 4

ትምህርትታት .......... 5

ዕረፍቲ .......... 7

መዓልታዊ ናብ ቤት-ትምህርቲ እትማልኦም .......... 7

ሕጋጋት ቤት-ትምህርቲ .......... 7


## መሰጋገሪ ናብ ዓወት!

ናብ ኣህጉራዊ መሰጋገሪ ክፍሊ (ኢ.ኤስ.ካ ISK) ናይ ዶር. ናሰው ኮሌጅ (እንደገና) እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም። ጉጅለ ኢ.ኤስ.ካ፣ ናይ ቋንቋ ኔዘርላንድ ብቕዓትኩም ኣብ ምምሕያሽን ምሳና ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ግዜ ንኸትሕልፉን ምእምቲ ንኽሕግዘኩም ድሉው እዩ።

ኣብዛ ንእሽቶይ መጽሓፍ ድማ ብዛዕባ ኣካይዳ ጉዳያት ኣብ ኢ.ኤስ.ካ ብዝምልከት ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም። ስለዚ ጽቡቕ ገይርኩም ኣንብብዎ። ነዛ ንእሽቶይ ናይ ተማሃራይ መጽሓፍ፣ ብዛዕባ ኢ.ኤስ.ካ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፣ ውጥን ቤት-ትምህርትናን ከምኡ እውን መምርሒ ቤት-ትምህርትናን ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታና ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም፡
https://www.nassaucollege.nl/isk።
ኣብ ኢ.ኤስ.ካ መሃርን ደስ ዝብልን ግዜ ንኸትሕልፉ ድማ ንምነየልኩም!
ጉጅለ ኢ.ኤስ.ካ

## መወከሲ ሓበሬታታት

ኢ.ኤስ.ካ መዓልታዊ ካብ ሰዓት 8.00 ክሳብ ሰዓት 17.00 ክፉት እዩ።

| | |
|---|---|
| ኣድራሻ፡ | Merwedestraat 16 |
| | 9406 RM Assen |
| ተሌፎን፡ | (0592) 333 176 |
| Meldkamer: | 06-18291774 |
| ኢ-መይል፡ | isk-assen@dr.nassaucollege.nl |
| መርበብ-ሓበሬታ፡ | https://www.nassaucollege.nl/isk |

ጨንፈር፡

| | | |
|---|---|---|
| Industrieweg 14-16 | 9403 RM Assen | 06-15610928 |
| Echtenstraat 3 | 9402 JA Assen | |

## ጉጅለ

| | | *...@dr.nassaucollege.nl* |
|---|---|---|
| Directeur | Mevr. K. Zwiers | zwk |
| Teamleiders | Mevr. S. Hartholt | htt |
| | Mevr. G. Nijland | nyg |
| Coördinator leerlingzaken | Mevr. W. Groothuis | gwi |
| Ondersteuningscoördinator | Mevr. E. Hoekstra | hev |
| Meldkamer Merwedestraat | Mevr. M. Al Saraj | asm |
| Meldkamer Industrieweg | Mevr. V. Troschina | tva |
| ICT | Dhr. B. de Jong | jbr |

## ዕረፍቲን ነጻ መዓልታትን

ዕረፍቲን ነጻ መዓልታትን ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ተዘርዚሩ ኣሎ።

## ጸብጻብ

ኣብ መወዳእታ ናይ ነፍስወከፍ እዋን ጸብጻብ ክትቕበል ኢኻ። ንነፍስወከፍ ዓውደ-ትምህርቲ ዝምልከት ነጥብን፣ ከምኡ እውን ናይ ተወፋይነትካ፣ ርድኢትካን ኣፈጻጽማኻን ገምጋም ክትቕበል ኢኻ። ብተወሳኺ እቲ ጸብጻብ፣ ኣብ ስራሕካ ናይ ዘለካ ኣረኣእያን ጠባይካን ገምጋም፣ ከምኡ እውን ውጽኢት ናይ ግስጋሰ ፈተናታትን ዘጠቓልል እዩ።

## ምርሒት

ኣብ ቤት-ትምህርቲ ናይ መጀመርታ ናይ መወከሲ ነቑጣኻ ሜንቶርካ እዩ። ንኹሎም ሕቶታትካ ወይ ጸገማትካ ብዝምልከት ድማ ክትውከሶ/ሳ ትኽእል ኢኻ። ተወሳኺ ውልቃዊ ምርሒት እንተድኣ ትደልይ ኮይካ እውን፣ ንሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ሰባት ክትውከስ ትኽእል ኢኻ፡

| Functie | Naam | e-mailadres |
|---|---|---|

| | | |
|---|---|---|
| ኣወሃሃዲት ጉዳያት ተማሃሮ<br>*coördinator leerlingzaken* | ወ/ሮ ሁክስትራ<br>Mevr. E. Hoekstra<br>Mevr. W. Groothuis | hev@dr.nassaucollege.nl<br>gwi@dr.nassaucollege.nl |
| ዳይረክተር<br>*Directeur* | ወ/ሮ ዝቪርስ<br>Mevr. K. Zwiers | zwk@dr.nassaucollege.nl |
| ተጸዋዒ-ሰብ<br>*Contactpersoon* | ወ/ሮ ካውት<br>Mevr. S. Kuijt | kub@dr.nassaucollege.nl |
| ምስጢራዊ ኣማኸሪ<br>*Vertrouwenspersonen* | ቤት-ጽሕፈት ምስጢራዊ ምኽሪ፣ ኣቶ ቪበንስ<br>Hét Vertrouwensbureau<br>de heer J. Wibbens | jan@hetvtb.nl<br>algemeen@hetvtb.nl<br>ተሌፎን:<br>085-1055055<br>06-53697150 |
| ሓኪም ቆልዑትን መንእሰያትን<br>*Jeugdarts* | Mevr. H. Snippe | h.snippe@ggddrenthe.nl |
| ማሕበራዊ ሰራሕተኛ<br>*Maatschappelijk werker* | | www.vaartwelzijn.nl |

# ከብሒ ተማሃራይ

## ተክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን [ICT]

ነፍስወከፍ ተማሃራይ ናይ ገዛእ-ርእሱ ቁጽሪ ተማሃራይን፣ ባዕሉ ዝመረጾ ፓስዎርድን ኣለዎ። ነዚ ተጠቀምካ ድማ ናብዞም ዝስዕቡ ስርዓታት ናይ ምእታው ተኽእሎ ኣለካ፡

**ሶም ቱደይ [SOM Today]**

ብመንገዲ SOM Today (http://nassau.somtoday.nl) ኣብ ስርዓት ቤት-ትምህርትና ንዘለካ ሓበሬታታት ብዝምልከት ርድኢት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ "SOMtoday Mobile" ኣፕ ክትጥቀም እውን ትኽእል ኢኻ።

**ዘርሜሎ [Zermelo]**

ኣብ http://nassau.zportal.nl ብምውካስ፣ ንህሉው ሰሌዳታት-ግዜ ናይ ዶር. ናሳው ኮሌጅ ናይ ምርካብ ተኽእሎ ኣለካ። "Zermelo" ኣፕ እንተድኣ ትጥቀም ኮይንካ ድማ፣ ንመጀመርታ ግዜ ስም ናይቲ ቤት-ትምህርቲ "nassau" ኢልካ ክትመልእ ኣለካ፣ ከምኡ እውን ኣብዚ ምልክት  ብምጥውቕ ኮድ ሕተት፣ ከምኡ እውን 'koppel App' ዝብል ጠውቕ።

**ኢ-መይል መርበብ**

ነፍስወከፍ ተማሃራይን ሰራሕተኛን፣ ንጉዳያት ቤት-ትምህርቲ ዝኸውን ናይ ገዛእርእሱ ናይ ኢ-መይል ኣድራሻ ኣለዎ። ነዚ ድማ ምስ ኣውትሉክ [Outlook] ብመንገዲ https://mail.nassaucollege.nl/owa፣ ከምኡ እውን ብመንገዲ "Microsoft Outlook" ኣፕ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።

**መርበብ-ኣልቦ ኢንተርነት [Wifi]**

ኣብ ኢ.ኤስ.ካ ንተማሃሮ ዝኸውን መርበብ-ኣልቦ ኢንተርነት [Wifi] ኣሎ። ነዚ ድማ ናይ "DNC" መርበብ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ብምቕጻል ናትካ ቁጽሪ ተማሃራይን ፓስዎርድኻን ተጠቂምካ ክትኣቱው

ትኽእል ኢኻ። ንመርበብ-ኣልቦ ኢንተርነት [Wifi] ዝምልከቱ ሕቶታት ምስ ዝህልዉኻ፣ ንሰራሕተኛ ተክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን [ICT] ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።. Dhr. B. de Jong (jbr@dr.nassaucollege.nl).

## ትምህርትታት

**ሰዓታት ትምህርቲ**

| | |
|---|---|
| 1ይ ክፍለ ግዜ | ሰዓት 08.30 - 09.15 |
| 2ይ ክፍለ ግዜ | ሰዓት 09.15 - 10.00 |
| 3ይ ክፍለ ግዜ | ሰዓት 10.00 - 10.45 |
| ዕረፍቲ | ሰዓት 10.45 - 11.00 |
| 4ይ ክፍለ ግዜ | ሰዓት 11.00 - 11.45 |
| 5ይ ክፍለ ግዜ | ሰዓት 11.45 - 12.30 |
| ዕረፍቲ | ሰዓት 12.30 - 13.00 |
| 6ይ ክፍለ ግዜ | ሰዓት 13.00 - 13.45 |
| 7ይ ክፍለ ግዜ | ሰዓት 13.45 - 13.45 |
| 8ይ ክፍለ ግዜ | ሰዓት 13.00 - 15.15 |
| 9ይ ክፍለ ግዜ | ሰዓት 15.15 - 16.00 |

**ሰሌዳ-ግዜ**

ነፍስወከፍ ክፍሊ ናይ ገዛእ ርእሱ ሰሌዳ-ግዜ ኣለዎ።
ሓደ መምህር እንተድኣ ዘይሃልዩ ድማ ነቲ ትምህርቲ ንኽንትክኦ ንፍትን። ይኹን እምበር፣ ሓደ ሓደ ግዜ ሓደ ትምህርቲ ክስረዝ ወይ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ።
ዝኾነ ናይ ሰሌዳ-ግዜ ለውጢታት ዘለካ ምኺኑን ዘይምኺኑን ንምርኣይ ድማ መዓልታዊ ዘርሜሎ [Zermelo] ተጠቐም!
እዋናዊ ናይ ሰሌዳ-ግዜ ለውጢታት ነፍስወከፍ መዓልቲ ኣብ ማእኸላይ ኣዳራሽ ኣብ ዝርከብ ናይ ሓበሬታ ስክሪን እውን ይርከብ እዩ።

**ቅርዓት ትምህርቲ**

ንነፍስወከፍ ክፍሊ ኣብ ሰሙን ሓደ ናይ ትምህርቲ ክፍለ-ግዜ (ንግሆ) ኣብ ቅርዓት ትምህርቲ-ስራሕ መደብ ተታሒዙሉ ኣሎ፣ ኣብኡ ድማ ንብቕዓት መጽናዕቲ ብዝምልከት ኣቓልቦ ክግበረሉ እዩ። ብኸምዚ መንገዲ ድማ ንተማሃሮና ናብ ዝሓሸን ገዛእ-ርእሶም ዝኽእልሉን ናይ ስራሕ ኣተሓሳስባ ንመርሖም። ብተወሳኺ ተማሃሮ ኣብቲ ቅርዓት ትምህርቲ-ስራሕ (ድሕሪ ቀትሪ) ተወሳኺ መብርሂ፣ ደገፍን ምርሒት ዕዮ-ገዛን ንምርካብ ናብ መምህሮም ብምሕባር ክምዝገቡ ይኽእሉ እዮም።

**ሕማም**
እንተድኣ ሓሚምካ፣ ቅድሚ ቀዳማይ ናይ ትምህርቲ ክፍለ-ግዜኻ ምጅማሩ ንግሆ ብመንገዲ ወለድኻ/ኣለይትኻ ብሕማም ክትቦኩር ምኺንካ ክትሕብር ኣለካ። እዚ ብተሌፎን ናብ መሐበሪ ማእከል ብቑጽሪ ተሌፎንና 06-18291774 ብምድዋል ክግበር ይከኣል እዩ። ወለድኻ/ኣለይትኻ ናይ ዋትስኣፕ

- meldkamer Merwedestraat 06-18291774
- meldkamer Industrieweg 06-15610928

[WhatsApp] መልእኽቲ እውን ክሰዱ ይኽእሉ እዮም። ኣብ እዋን ትምህርቲ እንተድኣ ሓሚምካ እውን ናብ መሐበሪ ማእከል ምሕማምካ ትሕብር። ንሰም ድማ ሰብ መጺኡ ከም ዝወስደካ ንኽግበር ወይ ድማ ኣቐዲምካ ናብ ገዛኻ ከም እትምለስ ንኽሕብርዎም ምስ ወለድኻ/ኣለይትኻ ርክብ ክገብሩ እዮም። ምስ ሓሸካ እውን ናብ መሐበሪ ማእከል ብምሕባር ከም ዝሓሸካ ትነግር።

**ደንጒኻ ምምጻእ**
ነፍስወከፍ ተማሃራይ ኣብ ግዚኡ ኣብ ክፍሊ ክርከብ ኣለዎ። ኮይኑ ግን ገና ደንጒኻ እንተድኣ መጺእካ ናብ መሐበሪ ማእከል ክትሕብር ኣለካ። እተን ቀዳሞት ክልተ ግዜ ብመጠንቀቕታ ይሕለፋ። እንተድኣ ብብዝሒ ደንጒኻ መጺእካ ድማ ናይ መቕጻዕቲ ስጉምቲ ክስዕብ እዩ። ስለዚ ድማ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ካብ ንቡር ንላዕሊ ግዜ ክትጸንሕ ወይ ንብርክት ዝበሉ መዓልታት ዝያዳ ኣቐዲምካ ብምምጻእ ክትርከብ ኣለካ።

**ካብ ክፍሊ ምስጓግ**
እንተድኣ ብመምህር ካብ ክፍሊ ተሰጒግካ፣ ናብ መሐበሪ ማእከል ክትሕብር ኣለካ። ኣብኡ ሰራሕተኛታት ምስ ዘይጸንሑኻ ድማ ናብ ኣወሃሃዲት ጉዳያት ተማሃሮ ወይ መራሒት ጉጅለ ትሕብር። ንዝተረፈ ናይቲ ትምህርቲ ክፍለ-ግዜ ብዝምልከት ድማ ዕማም ክወሃበካ እዩ። ኣብ መወዳእታ ናይቲ ትምህርቲ ምስ መምህር ብዛዕባ እቲ ምስጓግ ብዝምልከት ክትዘራረብ ኢኻ፣ ከምኡ እውን እንታይ ስጉምቲ ከም ዝውሰድ ክትሰምዕ ኢኻ።

**ፍቓድ ብኩራት**
ንፍሉይ ኣጋጣሚ ንኽትቦኩር ንኽፍቀደልካ ክትሓትት ምስ እትደልይ፣ ምስ ኣወሃሃዲት ጉዳያት ተማሃሮ ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

**ግዴታ ትምህርቲ**
ኣብ ኔዘርላንድ ካብ 5 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑት ብሕጊ ናይ ትምህርትን ብቕዓትን ግዴታ ኣለዎም። ሓደ ተማሃራይ ብዘይ ፍቓድ እንተድኣ ቦኺሩ፣ ኣወሃሃዲት ጉዳያት ተማሃሮ፣ ነቲ ተማሃራይ ምስ በዓል-መዚ ግዴታ ትምህርቲ ዝርርብ ንኽገብር ተመሓላልፎ። ሓደ ተማሃራይ ኣብ ሰለስተ ተኸታተልቲ መዓልታት ወይ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ተኸታተልቲ ሰምንታት ንልዕሊ 16 ሰዓታት ትምህርቲ ብዘይ ፍቓድ እንተድኣ ቦኺሩ፣ እቲ በዓል-መዚ ግዴታ ትምህርቲ ስጉምቲ ክወስድ ይኽእል እዩ።

## ዕረፍቲ

ናይ ዕረፍቲ ግዜ ኣብ ቀጽሪ ቤት-ትምህርቲ ከም ዝሓልፍ ይግበር። ብተወሰኺ ኩዕሶ ክትልቓሕን፣ ምሳኻ ኣብ Maasstraat 47 ናብ ዝርከብ ንእሽቶይ ሜዳ ክትወስዳን እውን ትኽእል ኢኻ። ሕማቕ ኩነታት ኣየር ምስ ዘጋጥም ድማ ኣብ ውሽጢ ዕረፍቲ ንወስድ። ዘብዐኛ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ጥዕና ዘለዎም እምበቲቶን ናይ ጠዓሞት ምግቢታትን፣ ፍሩታታትን ዝስተዩን ብዘይመኽሰብ ብዋግኦም ይሸይጥ እዩ። ብርግጽ ናይ ገዛእርእስኻ መግቢ ወይ ዝስተይ እውን ናብ ቤት-ትምህርቲ ሒዝካ ክትመጽእ ትኽእል ኢኻ። ብሓባር ብምኺን ድማ ንቀጽሪ ቤት-ትምህርትን ቤት-ትምህርትን ብጽሬት ንሕዞም። ጎሓፍ ኣብቲ ናይ ጎሓፍ ገንኢታት ክትድርብዮ ኣለካ።

## መዓልታዊ ናብ ቤት-ትምህርቲ እትማልኦም

ኣብ እዋን ትምህርቲ እዞም ዝስዕቡ ንዋት ምሳኻ ክህልዉ ይግባእ።

| |
|---|
| 2/4-ቀለቤት ዘለዎ መጠርነፊ |
| መስመር ዘለዎን ናይ ግራፍን ወረቐት |
| መፈላለዪ ገጻት |
| ናይ ብርዒታት ቦርሳ |
| – ብርዒ (ሰማያዊ ወይ ጸሊም ቀለም) ) |
| እርሳስ |
| መደምሰስ |
| መጽረቢ እርሳስ |
| መጕሊሒ ብርዒ (ሃይላይተር) |
| መስመር |
| ስሉስ ኩርናዕ መስመር ጂኦሜትሪ |
| ተሰኪዒ መስምዒ-ድምጺ ወይ ሄድፎን |
| ትምህርቲ ጂምናዝየም ምስ ዝህልወካ፡ ናይ ጂምናዝየም ክዳውንትን ናይ ስፖርት ጫማን |

## ሕጋጋት ቤት-ትምህርቲ

**ብኲራት/ደንጕኻ ምምጻእ**

– ነፍስወከፍ መዓልቲ ስሌዳ-ግዜኻ ብምርኣይ ትቆጻጸር።
– ናብ ክፍሊ ኣብ ግዜኻ ትመጽእ።
– ሓሚምካ? ወለድኻ/ኣለይትኻ ቅድሚ ቀዳማይ ናይ ትምህርቲ ክፍለ-ግዜኻ ምጅማሩ፣ ብቁጽሪ ተሌፎን 06-18291774 / 0615610928 ናብ ኢ.ኤስ.ካ ክድውሉ ወይ መልእኽቲ ዋትስኣፕ ክልእኩ ኣለዎም።

**ህንጻ**

– ናይ ቤት-ትምህርቲ ቦርሳኻን ናይ ትምህርቲ ናውትኻን ጥራይ ኢኻ ናብ መምሃሪ ክፍሊ ትወስድ። ከም ጃኬትካ፣ ቆቢዕካ ወይ ናይ ጂምናዝየም ክዳውንትኻ ዝኣመሰሉ ነገራት ኣብ ናይ ተማሃራይ

ከብሕኻ ትሓድጎም። ሞባይል ቴሌፎናት ኣብ እዋን ትምህርቲ ኣብቲ ክፍሊ ኣብ ሓደ ናይ ቴሌፎን ሆቴል ይቕመጣ።

– ኣብ ቀጽሪ ቤት-ትምህርትን ኣብ ማእከላይ ኣዳራሽን ምብላዕን ምስታይን ይፍቀድ እዩ። ጎሓፍ ኣብቲ ናይ ጎሓፍ ገንኢ ከትስንድዎ ይግባእ!
– ኣብ ቤት-ትምህርቲ ቺፕስ፣ ዕምባባ ማለት ፖፕኮርን፣ ዘርኢ ሱፍ ወይ ካልእ መግቢታት ጠዓሞት ምብላዕ ኣይፍቀድን እዩ። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ይኹን ኣብቲ ቀጽሪ ጸዓት ዝህብ መስተታት ማለት ኢነርጂ-ድሪንክ ምስታይ እውን ኣይፍቀድን እዩ።
– ኢ.ኤስ.ካ ካብ ምትካኽ ሽጋራ ነጻ እዩ። ሽጋራ ምትካኽ ኣብ ርእየት ናይቲ  ቤት-ትምህርቲ ኣይፍቀድን እዩ።
– ብዘይካ ዝናብ ምስ ዝዘንብ፣ ዕረፍቲ ኣብ ቀጽሪ ቤት-ትምህርቲ ንወስድ።
– ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ ኣብ ሞንጎ ኣብ ዘሎ ነጻ ሰዓት፣ ኣብ Maasstraat 47 ኣብ ዝርከብ ንእሽቶይ ሜዳ ንኽትጥቀሙሉ ኩዕሶ ክትልቓሕ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ቀጽሪ ቤት-ትምህርቲ ኩዕሶ እግሪ ምጽዋት ኣይፍቀድን እዩ።
– ኣብ እዋን ትምህርቲ፣ ረብሻ ዘይብሉ ትምህርቲ ንክወሃብ ምእንቲ ክኽእል ኣብ ኣዳራሽን መተሓላለፊ ኮሪደራትን ጸጥታ ክህሉው ኣለዎ።

**ወርቃዊ ሕጊ**

ንኻልኦት ሰባት ልክዕ ብኸምቲ ንዓኻ ክግበረልካ እትደልዮ ኣተሓሕዛ ሓዞም።

Dr. Nassau College
Internationale SchakelKlas
Merwedestraat 16
9406 RM Assen
(0592) 333 176
isk-assen@dr.nassaucollege.nl
www.nassaucollege.nl/isk